## ህግደፍ ፖለቲካዊ ሩሕ ዘለዎ ክመስል ንዜጋታት ወለደኹም ኣመዝግቡ ዝብል መምርሒ ኣውጺኡ የተግብሮ ከም ዘሎ እሙናት ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትር ሓቢሮም።

ጉጅላዊ መንግስቲ ህግደፍ ካብ ቅድሚ ኣስታት 10 መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ገለ ብመልክዕ ኣኼባ ኣብ ገለ ኸኣ ብውሽጢ ውሽጢ ናይ መንግስቲ መምርሒ'ዩ ብዝብል ስራሕኩም እንታይ'ዩ? ኣብ'ዚ ክንደይ ግዜ ተቐሚጥኩም፣ ቁጽሪ ስድራ ቤትኩም ከ እናበለ ኣብ ዜጋታት ስነ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ክገብር ይፍትን ከም ዘሎ እሙናት ምንጭታት ሓቢሮም።

ጉጅላዊ ስርዓት፡ ብፍላይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዘመኑ ከፊኡ'ዩ ክሳብ 7 ትውልዳዊ መበቆልኩም ኣመዝግቡ እንተዘይኮነ ግን ስዒቡ ዝመጽእ ከቢድ'ዩ። ሓላፍነት ትስከምሉ ድማ ንሳትኩም ኢ.ኹም። ኢ.ድ መንግስትና ሎሚ'ውን ነዊሕ'ዩ ብምባል ኣብ ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ደቆም ናብ ስደት ዝሸድዎም ወለዲ ሰብኣዊ ርህራህ ብዝጎደሎ የከላብቶም ምህላውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

## ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም ኣስታት 70 ዝኾኑ ሰባት ብስርዓት ህግደፍ ከም ዝተኣስሩ ተገሊጹ።

ኣብ ከባቢ ዓዲ ዃላ ኣብ እትርከብ ዓዲ ወደርኪ ዝተባህለት ዓዲ ልዕሊ 70 ዝኾኑ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም ሰባት_ ኣብ መጀመርያ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ጥሪ 2017 ብኣባላት ጸጥታ ስርዓት ህግደፍ ከም ዝተወሰዱን ዛጊት ድማ ኣበይ ዓሊቦም ከምዘይፍለጥን ብ20 ጥሪ ኣብ መርበብ ኣሰና ዝተረኸበ ዜና ሓቢሩ።

እቶም ዕሱባት ኣባላት ጸጥታ ገዛ ገዛ እናኣተው ንዝረኸብዎ ሰብ ከከላብቱ ከም ዝጀመሩ፡ በዚ ዝተቖጠዐ ህዝቢ ድማ ናብ ሓደ እናተኣኻኸበ እንታይ ትገብሩ ኣለኹም ዝብል ሕቶ ከቕርበሎም ከም ዘቕረበሎም፡ ኣብ ክንዲ ዝሃደሙ ደቒኹም ትሕለቑ ኣለኹ ብዝብል ስልበጣ ከፉራርሕዎ ከም ዝፈተኑ እቲ ሓበሬታ የረድእ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 23-01-2017